# ጥዑይ ስጋዊ/ጾታዊ ርክባት

ጥዑይ ርክብ ንዓኹምን ንብጽይትኹምን ብዛዕባኹምን ብዛዕባ ነን ሓድ-ሕድኩምን ጽቡቕ ስምዒት ክስምዓኹም ዘኽእል ኢዩ። ኣብ ካናዳ፣ ክልቲኦም ብጾት ኣብ ርክብ ማዕረ መሰል ኣለዎም። ናይ ሓባር ውሳኔ ይወስዱ፣ ውሳኔታት ብዛዕባ ስጋዊ ርክብ'ውን። ክልቲኦም ብጾት ስጋዊ ርክብ ክፍጽሙ ክሰማምዑ ኣለዎም። ምርዑዋት'ውን ይኹኑ፣ ሓደ ኣካል ነ'ቲ ሓድ ኣካል ስጋዊ ርክብ ንምፍጻም ምግዳድ ሕጋዊ ኣይኮነን። ጽቡቕ ዝርርብ(ምርድዳእ) ንዘሓጉስ ጥዑይ ዝምድና መፍትሕ ኢዩ።

## ንዓኻን ንብጻይትኻን/ንብጻይካን ካብ STIs ምክልኻል

ምርዑው ይኹን ዘይምርዑው፣ ንዓኻ ወይ ንናይ ስጋዊ ርክብ ብጻይትኻ/ብጻይካ(ወይ ብጾትካ) ካብ ስጋዊ /ጾታዊ ርክብ ዝምሓላለፍ ሕማማት(STIs) ምሕላው ኣገዳሲ ኢዩ። ካብ STIs ንምክልኻል እቲ ዝሓሸ መንገዲ ነ'ዚ ዝስዕብ መምርሒታት ምኽታል ኢዩ፥

. ካብ ዘይስሩዕ /ስጋዊ/ጾታዊ ርክብ <u>ምቑጣብ</u>። ክሳብ እትምርዖ ወይ ናይ ምሉእ ሂወትካ ብጻይ/ብጻይቲ

እትረክብ ጾታዊ/ስጋዊ ርክብ ዘይምፍጻም። ምስ ብዙሓት ሰባት ጾታዊ/ስጋዊ ርክብ ምብዛሕ STIs

ክሕዘካን ከተተሓላልፍን ዘሎ ዕድል የዕብዮ።

. ንብጻይካ/ብጻይትኻ <u>እሙን </u>ኩን/ኩኒ። ምስ ካልኦት ስጋዊ/ጾታዊ ርክብ ምስ እትፍጽፍ፣ ንነብስኻ

ን STIs ተቃላዕ ከምኡ'ውን ረኺሲ ንብጻይትኻ/ንብጻይኪ ንደቅኻ ከይተረፈ'ውን ይትሓላለፍ።

. ዝኾነ ስጋዊ/ጾታዊ ርክብ ምስ እትፍጽም ኩሉ ግዜ <u>ኮንደም </u>ምጥቃም።

. ካብ STI ንምፍዋስ መድሃኒት ትወስድ እንተድኣ ኣለኻ፣_ክሳብ <u>መድሃኒትካ እትውድእ </u>ጾታዊ/ስጋዊ

ርክብ ዘይምፍጻም።

## STI ከመይ ይሕዘካ?

ዝኾነ ሰብ ብ STIs ክብከል ይኽእል ኢዩ። ብዘይካ ስጋዊ ርክብ ብደምን ብናይ ሰብነት ፈሳሲ STSs ክትሓላለፈካ ይኽእል ኢዩ፣እንተኾነ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ሰባት STIs ካብ ስጋዊ/ጾታዊ ርክብ ኢዩ ዝሓልፎም። ኣብ ካናድ ንብጻይካ/ብጻይትኻ ኮንደም ንምጥቃም ምሕታት ኣዝዩ ቅቡል ኢዩ።

## STIs ኣብ ካናዳ

ኣብ ካናድ STIs ኣዝዮም ዝውቱራት ኢዮም። ሂዩመን ኢሚዩኖዴፊሸንሲ(HIV) ንኤይድስ ዘስዕብ ሓደገኛ ናይ STI ዓይነት ኢዩ፣ ንኤይድስ ዘሕዊ የለን። ተመራርመርቲ ሎሚ ኣብ ካናድ 58,000 ሰባት HIV ከምዘለዎም ይነግሩና፣ብዙሓት ካብኦም ኣይፈልጥዎን ኢዮም። ምልክታት እንተድኣ ዘይብሎም፣ ሰባት HIV ከምዘለዎም ክፍልጦ ኣይክእሉን ኢዮም። ሓደ ሰብ HIV ከምዘለዎ ስለ ዘይትፈልጡ፣ ንኽይትብከሉ ነብስኹም ምክልኻል ኣገዳሲ ኢዩ።

## ሓላፍነት ብዛዕባ HIV ንብጻይካ/ብጻይትኻ ምሕባር

እቲ ሕጊ እዚ እዩ። HIV ምስ ዝህልወካ ከምኡ'ውን ብጻይካ/ብጻይትካ ኣብ ናይ ምብካል ሓደጋ ምስ ዝህሉ/ትህሉ፣ **ቅድሚ** ስጋዊ/ጾታዊ ርክብ ወይ ካልእ ዝኾነ HIV ከተሓላልፍ ዝኽእል ንጥፈታት ምፍጻም ንብጻይካ/ንብጻይትኻ ምንጋር። ኮንደም ምስ እትጥቀም፣ HIV ከምዘለካ ንብጻይካ/ብጻይትኻ ምንጋር ግድነት ኣይኮነን፣ ግን ጽቡቕ ሓሳብ ኢዩ።

## ሳዕቤናት ብዛዕባ ንብጻይካ/ንብጻይትኻ ዘይምሕባር

ብዘይጥንቁቕ ስጋዊ/ጾታዊ ርክብ ንብጻይካ/ንብጻይትካ ብ HIV ምብካል ገብናዊ በደል ኢዩ። HIV ከምዘለካ እንዳ ፈለጥካ ኮንደም ዘይምጥቃም፣ ከማኡ'ውን HIV ከምዘለካ ንብጻይካ/ንብጻይትካ እንተ ዘይነገርካ፣ ብከቢድ ገብናዊ በደል ክትክሰስን ትኽእል ንብዙሕ ዓመታት ማእሰርቲ'ውን ክትፍረድ ትኽእል።

## ን STIs ምምርማር

ን STIs ኣብ ናእሽቱ ኣብያተ-ሕክምናን(ክሊኒክ) ኣብ ሆስፒታላትን ምምርማር ይክኣል። ምርመራ ብነጻ ኢዩ ፣ ናይ መርመራታትኩም ውጽኢታት ብዘይካኹም ንካልእ ኣየካፍሉን ኢዮም። ኣብ ማኒቶባ ንምርመራ ክትከዱ ከለኹም ስምኩም ክትነግሩ ዘየድሊ ክልተ ኣብያት-ሕክምና(ክሊኒክ) ኣለዋ፥

. ናይን ሰርከልስ ከምዩኒቲ ሄልዝ ሴንተር፣ 705 ብሮድወይ፣ ዊኒፐግ (204) 940-6000

. ፐብሊክ ሄልዝ ሰርቪስስ፣ ዩኒት A፣ 800 ሮዘር ኣቬኑ፣ብራንደን (204) 571-8483

ን HIV ወይ STI እዚ ዝስዕብ ምስ ዝፍጸም ክትምርመሩ ኣለኩም፥

. ብዛዕባኹም/ብዛዕባኽን ወይ ብዛዕባ ናይ ብጻይኩም/ብጻይክን ናይ ስጋዊ ርክብ ጥዕና ስኽፍታ ምስ ዝህሉ

. ንስኹም ወይ ብጻይትኹም ምስ ካልኦት ሰባት ስጋዊ ርክብ ምስ ዝህልወኩም

. ኮንደም ምስ ዝቕደድ ወይ ብዘይ ኮንደም ስጋዊ ርክብ ምስ እትፍጽሙ

. ምግሳስ ምስ ዝፍጸም ወይ ብግዲ ስጋዊ ርክብ ምስ ዝፍጸም

. ናይ ሓደ ሰብ ደም ወይ ፈሳሲ ምስ ዝትንክፈኩም(ንመረድኢ ብሃንደበት ሰብ ዝተጠቕመሉ መርፍእ ምስ እትትንክፍ)

እቲ ውጽኢታት ናይ መርመራታትኩም (HIV)ከም ዘለኩም(ፖዘቲቭ) ምስ ዝኸውን፣ ቅድም ስጋዊ ርክባት ምሳኹም/ምሳኽን ንዝፈጸማ/ዝፈጸሙ ሰባት ክንትነግሩ ኣለኩም። ወላ እቲ ውጽኢታት ከም ዘይብልኩም(ኔገቲቭ) እንተኾነ፣ ንኻልኣይ መርመራ ድሕሪ ቅሩብ ኣዋርሕ ክትከዱ ኣለኩም።

HIV ኣብ'ቲ ናይ መጀመርያ ደረጃታት ናይ'ቲ ቫይረስ ኣብ መርመራታት ከይርአ ይኽእል ኢዩ።